Schweizerische Eidgenossenschaft
Confédération suisse
Confederazione Svizzera
Confederaziun svizra

ፈደራላዊ ጨንፈር ውሽጣዊ ጉዳያት EDI

**ፈደራላዊ ቤትጽሕፈት ንጥዕና BAG**
ጨንፈር ምምሕዳር ህዝባዊ ጥዕና

# ኮቪድ-19፥ ንምውሻብ ዝምልከት መምርሒታት

**ዝስዕብ እንተተፈጺሙ ስጉምትታት ክውሰኑ ኣለዎም፥**

**A. ምስ ሓደ ኮሮናቫይረስ (SARS-CoV-2) ዝተረጋገጸሉ (ፖዚቲቭ ዝተመርመረ) ሰብ ርክብ እንተነበረኩም ወይ**

**B. ኣብ ዝሓለፉ 10 መዓልትታት ኣብ ሓደ ዘስግእ ዓይነት ቫይረስ ዘለዎ ቦታ ጽኒሕኩም ኔርኩም**

**ብቑዕ ካብ 26/06/2021**

**A. በዚ ሓድሽ ኮሮናቫይረስ ዝተለኸፈ፡** ሕማሙ ብላብራቶሪ መርመራ ምስዝተረጋገጸ ሰብ **ቀረባ ርክብ ጌርኩም ኔርኩም።** ቀረባ ርክብ ማለት፣ ንዝያዳ 15 ደቓይቕ ብዘይ ብቑዕ ምክልኻል ኣብ ቀረባ ርሕቐት (1.5 ሜትሮን ንታሕትን ዝኾነ ርሕቐት) ጸኒሕኩም ከምዝነበርኩም ማለት እዩ። ኣብቲ እዋን ርክብ እቲ ሰብ ቫይረስ ዘልግብ[1] እንተኔሩ ኣብ ገዛ ክትውሸቡ ኣለኩም (ናይ ርክብ ውሸባ)።
እንድሕር ኣብ ውሽጢ ዝሓለፉ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ኮቪድ-19 ኔሩኩም (ናይ ሓኪም መረጋገጺ ወይ መረጋገጺ ቤተ-ምርምር/ላብራቶሪ[2]) ወይ ብምልኡ ተኸቲብኩም እንተኾይንኩም፣ ክትውሸቡ ኣየድልየኩምን።[3]
ብዝተረፈ እቶም ንቡራት ሕጋጋት ጽሬትን ኣደብን[4] ቀጺልኩም ክትኽተልዎም ኣለኩም። ኣብ ነብስኹም ምልክታት ዝቕልቀሉ እንተኾኑ ተገለሉ ከምኡ ድማ ተመርመሩ ኢኹም።

ቀረባ ርክብ
(እንግሊዝኛ)

**B. ኣብ ዝሓለፉ 10 መዓልትታት ኣብ ሓደ ዘስግእ ዓይነት ቫይረስ[5] ዘለዎ ቦታ ጽኒሕኩም ኔርኩም[5]** እንተዘይተኸተክብኩም ወይ ንሓደ ኣሕሊፍኩም ዝነበርኩም ሕማም ኮቪድ-19 ኣብ ዝሓለፉ 6 ኣዋርሕ መረጋገጺ ዘይብልኩም እንተኾይንኩም ድሕሪ መእተውኹም ናብ ስዊዘርላንድ ክትውሸቡ ኣለኩም። ድሕሪ ምእታውኩም ብቐጥታ ትኽ ኢልኩም ናብ ገዛኹም ወይ ኣብ ካልእ ንዓኹም ዝኸውን መንበሪ ቦታ ክትከዱ ውን ትግደዱ (□□□ □□ www.bag.admin.ch/einreise)□ ኣብ መንጎ 10 መዓልትታት ድሕሪ መእተውኹም ብቀጻሊ ኣብኡ ክትጸንሑ ኣለኩም (ናይ መገሻ ውሸባ)።

መእተዊ
(እንግሊዝኛ)

**ኣስተውዕሉ፦ ካብ ካልእ ሃገር ወይ ጥርጣረ ናይ ዝተረጋገጸ ዘስግእን ብዩን ዘይኮነን ዓይነት ቫይረስ ዘለዎ ቦታ መጺኹም ኣብ ስዊዘርላንድ ትኣትዉ እንተኾይንኩም፣ እዚ ናይ መገሻ ናጽነት ውሸባ ብቑዕ ኣይኮነን።**

ብምውሻብኩም ናብቶም ምሳኹም ዝነብሩን ንህዝብን ቫይረስ ምትሕልላፍ ተወግዱ፣ ኣብ ሽዑ እዋን ባዕልኹም ቫይረስ ክትልበዱ (ክትቕበሉ) ስለትኽእሉ። ስለዚ ብምውሻብኩም መጠን ብፍላይ ሕማም ንኽለግቦም ኣብ ሓደጋ ንዝርከቡ ሰባት ንክትከላኸሉሎምን እቲ ምትሕልላፍ ቫይረስ ንኽተጉድሉን ዓቢ እጃም ተበርክቱ ኣለኹም።

[1] ሓደ ሰብ 2 መዓልትታት ቅድሚ መጀመርታ ምልክታት ክሳብ 10 መዓልትታት ድሕሪ መጀመርታ ምልክታት ተላጋቢ እዩ።
[2] ሓደ ሰብ ካብ መበል 11 መዓልቲ ድሕሪ መረጋገጺ ልበዳ ከም ዝተሓወየ ክረአ ይከኣል።
[3] ኣብ ዝተኸተቡ ሰባት ካብ ምሉእ ክታበት ዝተገበረሉ ግዜ እቲ ናጽነት ውሸባ ንዓሰርተክልተ ኣዋርሕ ብቑዕ እዩ።
[4] www.bag.admin.ch/so-schuetzen-wir-uns
[5] ዝርዝር BAG ናይቶም ርከሳ ዝሕዙ ሃገራት > 2.፥ ዘስግእ ዓይነት ቫይረስ ዘለዎም ሃገራት

እዞም ዝስዕቡ መምርሒታት: ኣብቲ ትውሸቡሉ እዋን: ምትሕልላፍ ቫይረስ ንምውጋድ ከተተግብርዎም ዘለኩም ናይ ጥንቃቐ ስጉምትታት ይሕብሩኹም። ኩሉ ኣገዳሲ ሓበሬታ ብዛዕባ'ቲ ኮሮናቫይረስ ኣብዚ ትረኽቡ፥ www.bag.admin.ch/coronavirus-de።

**እዋን ምውሻብ**

- **ናይ ርክብ ውሸባ፥** ካብ ዝሓለፈ ርክብ ምስ ቫይረስ ዝተረጋገጸሉ ሰብ ዝነበረኩምሉ ግዜ እቲ ምውሻብ 10 መዓልትታት እዩ ዝወስድ።
- **ናይ መገሻ ውሸባ፥** እቲ ውሸባ 10 መዓልትታት ይወስድ ከምኡ ድማ ኣብ ግዜ መእተዊ ናብ ስዊዘርላንድ ጅይምር። ብሓደ ዘስግእ ዓይነት ቫይረስ ዘይብሉ ሃገር ወይ ቦታ እንድሕር ኣቲኹም፣ እቲ ዝምልከት ክፍለ-ሃገራዊ ብዓል መዚ እቲ እዋን ጽንሓት ኣብቲ ሃገር ወይ ቦታ ምስቲ ውሸባ ክቅምር ይኽእል።
- ብዘይካ ፍሉይ ኩነታት እንተለው[6]፣ እዚ እዋን ከተሕጽሩ ትኽእሉ፣ ብእዋን ካብ 7ይ መዓልቲ ውሸባ ክትምርመሩ እንተኾይንኩም (መርመራ PCR ወይ ናይ SARS-CoV-2 ቅልጡፍ መርመራ ጸረ-ፈርዒ)። ኣብ ነጋቲቭ/ኣሉታዊ ውጽኢት እቲ ውሸባ ክውዳእ ይኽእል። ግና ክሳብ ስሉጥ ምሕላፍ ውሸባ፣ ማለት ክሳብ መበል 10 መዓልቲ፣ ኣብ ወጻኢ መቐመጥኹም ናይ ገጽ ማስክ ክትኽደኑ ከምኡ ድማ ካብ ካልኦት ሰባት 1.5 ሜትሮ ዝኸውን ርሕቐት ክትኽተሉ ትግደዱ ኢኹም። ብዝተረፈ እቲ ነጋቲቭ ውጽኢት ናብቶም ዝሕተቱ ክፍለ-ሃገራውያን ብዓል-መዚታት ከመሓላለፍ ኣለዎ። ነቶም ፍሉያት መምርሒታት ናይ ክፍለ-ሃገርኩም/ካንቶንኩም ተኸተሉ ብኽብረትኩም። እቲ መርመራ ፖዚቲቭ እንድሕር ወጺኡ እቶም ናይ ግለላ መምርሒታት ይሰርሑ (ኣብ www.bag.admin.ch/isolation-und-quarantaeneረአ)።
- ኣብ ፍልይ ዝበሉ ጉዳያት ሓደ መርመራ ቅድሚ 7ይ መዓልቲ ብሓኪም ክእዘዝ ይከኣል። ከምዚ ዓይነት መርመራ ነቲ ምውሻብ ግን ከሕጽሮ ኣይክእልን።

**ማሕበራውን ሞያውን ምግላል**

- ምስ ካልኦት ሰባት ዝኾነ ርክብ ኣወግዱ። ብዘይካ ምሳኹም ኣብ ገዛ ዝቕመጡን ምሳኹም ተወሺቦም ዘለዉ ሰባትን ግዜ ምውሻብኩም ክነውሕ ከምዝኾነ ግና ኣስተውዕሉ፣ ሓደ ቀጺልኩም ርክብ እትገብሩሉ ሰብ ምልክታት እንተዘማዕብል ከምኡ'ውን ልበዳ ከምዘለዎ እንተተመርሚሩ።
- ንሕጋጋት ወይ ለበዋታት ጽርየትን ኣገባብን ኣተግብሩ፥

  http://www.bag.admin.ch/so-schuetzen-wir-uns።

ናይ ጽሬትን ኣደብን ሕጋጋት

**እስኹም ምስቲ ዝተለበደ ሰብ ኣብ ሓደ ገዛ ምስትቕመጡ (ናይ ርክብ ውሸባ)**

- እቲ ዝተለበደ ሰብ ማዕጾ መደቀሲኡ ዓጽዩ ኣብ መደቀሲኡ ይኽውን። ኣብቲ ክፍሊ ኮይኑ መግብታት ይበልዕ (መምርሒታት ናይ ምግላል ርኣዩ ኣብ www.bag.admin.ch/ isolation-und-quarantaene)።
- እቲ ዝተለበደ ሰብ ካብ መደቀሲኡ ክወጽእ እንተኾይኑ: ካብኡ ናይ 1.5 ሜትሮ ርሕቀት ሓልው ከምኡ'ውን ማስክ ክተኽደኑ ኢኹም።
- ኩሎም ክፍልታት ብዝተደጋጋሚ ኣናፍስዎም
- ኣጋይሽ ኣይምጽኡኹም: ምስ ዝኾነ ሰብ ርክባት ኣወግዱ።
- ኣስፔዛን ካልእ ግድን ኣድለይቲ ዝኾኑ (ክግደፉ ዘይክእሉ) ነገራትን: ነኣብነት መድሃኒት: ቤተሰብኩም መሓዙትኩም ወይ ኣቕረብቲ ኣገልግሎት ኣብ ኣፍደገ ገዛኹም ከምዝገድፉልኩም ግበሩ።
- ብዝተደጋገመ ኣእዳውኩም ተሓጸቡ።
- ኣቑሑት ገዛኹም ነኣብነት ቢያትታት: ኩባያታት: ጣሳታትን ኣቑሑት ክሽነን ብሓባር ኣይትጠቐሙ። ኣቑሑት ድሕሪ ምጥቃምኩም ኣብ ሓጻቢት ማሽን ወይ ብኢድኩም ብጥንቃቐ ብማይን ብሳምናን ሕጸቡዎ።
- ናይ ኢድ ሽጎማኖን ናይ ዓራት መናጽፍን ብሓባር ኣይትጠቐሙ።
- ሕማም ብቐሊሉ ከጥቅዖም ዝኽእል ሰባት ኣብ እዋን ምውሻብ ብዝተኻእለ መጠን ካብቶም ካልኦት ሰባት ክፍለዩ ይግባእ።

መምርሒ ግለላ

**በይንኹም ትቕመጡ ምስትኾኑ**

- ኣስፔዛን ካልእ ግድን ኣድለይቲ ዝኾኑ (ክግደፉ ዘይክእሉ) ነገራትን: ነኣብነት መድሃኒት: ቤተሰብኩም መሓዙትኩም ወይ ኣቕረብቲ ኣገልግሎት ኣብ ኣፍደገ ገዛኹም ከምዝገድፉልኩም ግበሩ።

**ምስቲ ኮሮናቫይረስ ዝተለበደ ሰብ ዘይኮነስ ምስ ካልኦት ሰባት ኣብቲ ማዕረ ገዛ ትቕመጡ ምስትኾኑ**

- በይንኹም ኣብ ሓደ ክፍሊ ኹኑ: ማዕጾ ናይቲ ኽፍሊ ዕጸውዎ። ኣብ ክፍልኹም ኴንኩም ተመገቡ።
- ኣጋይሽ ኣይምጽኡኹም: ምስ ዝኾነ ሰብ ርክባት ኣወግዱ። ኣድላይ ምስዝኸውን ጥራይ ካብ ክፍልኹም ውጹ።
- ካብ ክፍልኹም ክትወጽኡ እንተዘለኩም፣ ማስክ መሸፈኒ ግበሩ[7]።
- ኩሎም ክፍልታት ብዝተደጋጋሚ ኣናፍስዎም

---

[6] እቲ ዝምልከት ብዓል-መዚ ኣብ ዝተመኽነዩ ጉዳያት እቲ ብእዋን ዝተገበረ ምዝዛም ውሸባ ከቃርጾ ይኽእል።

[7] www.bag.admin.ch/masken

- ብዝተደጋገመ ኣእዳውኩም ተሓጸቡ።
- ናይ በይንኹም ሽንትቤት ተጠቀሙ። እዚ ዝከኣል እንተዘይኮይኑ: ነቲ ብሓባር ትጥቀሙሉ ክፍሊ መጻራረዪ (መሕጸብ ነብሲ: ሽቓቕ: ላቫንዲኖ) ኩልግዜ ድሕሪ ምጥቃምኩም ብልሙድ መጻራረዪ ነገራት ጌርኩም ሕጸብዎም።
- ኣቑሑት ገዛኹም ነኣብነት ቢያትታት: ኩባያታት: ጣሳታትን ኣቑሑት ክሽነን ብሓባር ኣይትጠቐሙ። ኣቑሑት ድሕሪ ምጥቃምኩም ኣብ ሓጻቢት ማሽን ወይ ብኢድኩም ብጥንቃቐ ብማይን ብሳምናን ሕጸቡዎ።
- ናይ ኢድ ሽጎማኖ ወይ ናይ ዓራት መናጽፍን ብሓባር ኣይትጠቐሙ።

**ካብ ገዛ ክትወጹ ምስትግደዱ** (ብሓኪም ንኽትርእዩ) እዚ ዝስዕብ ኣተግብሩ:-

- ተኸደኑ ኢኹም [ማስክ](#)[3]።
- **ህዝባዊ መጓዓዝያታት ኣወግዱ።** ናይ ጥዕና ኩነታትኩም ምስዘፍቅደልኩም መኪናኹም ወይ ብሽክለታ ተጠቀሙ: ብእግርኹም ኪዱ ወይ ታክሲ ጸውዑ።

**ትኽክል ኣጠቓቕማ ማስክ**

- ቅድሚ ማስክ መሸፈኒ ኣፍ ምጥቃምኩም ኣእዳውኩም ብማይን ሳምናን ወይ ብጸረ ረኽስታት ተሓጸቡ።
- ነቲ ናይ ጽሬት ማስክ ኣፍንጫኹምን ኣፍኩምን ከምዝሸፍን ጌርኩም ብጥንቃቐ ምለስዎ ከምኡ'ውን ስሒብኩም ኣብ ገጽኩም ኣጥብቕዎ።
- ምስ መለስኩሞ ነቲ ማስክ መሸፈኒ ኣፍ ኣይትተንከፍዎ። ዝተጠቀምክሙሉ ማስክ ጽሬት መሸፈኒ ኣፍ እንተተንኪፍኩም: ነኣብነት ክተውጽዎ ኢልኩም ምስተንከፍኩሞ: ኣእዳውኩም ብማንይን ብሳምናን ወይ ብጸረ ረኽስታት ተሓጸቡ።
- ማስክ መሸፈኒ ኣፍ እንተበዚሑ ን4 ሰዓታት ክልበስ ይኽእል።
- እቶም ዝርዝራውያን መምርሒታት ኣብ [www.bag.admin.ch/masken](http://www.bag.admin.ch/masken) ተኸተልዎም ብኽብረትኩም ኣብ ትሕቲ [ትኽክል ኣጠቓቕማ](#)።

ማስኬራታት

**ኩነታት ጥዕናኹም ተኸታተሉ**

- ኩነታት ጥዕናኹም ተዓዘቡ:- ቀጨውጨው ምባል: ድኻም: ረስኒ: ስምዒት ናይ ረስኒ: ሰዓል: ቃንዛ ጉሮሮ: ሕጽረት ምስትንፋስ ወይ ብሃንደበት ምጥፋእ ናይ ምሽታትን ናይ ምስትምቓርን ክእለት ገለ ካብቶም ምልክታት መልከፍቲ ኮሮናቫይረስ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም።

**ምልክታት ምስዝርአዩ**

- ባዕልኹም ነብስኹም ገልሉ። ብተወሳኺ ነቲ ባዕልኻ ነብስኻ ምግላል ንዝምልከት መምርሒታት ኣተግብርዎ። ዝኾነ ኣድላይ ሓበሬታ ኣብ ዝስዕብ ትረኽቡ፥ [www.bag.admin.ch/isolation-und-quarantaene](http://www.bag.admin.ch/isolation-und-quarantaene)።
- ብቐልጡፍ ናብ ሓኪም ደዊልኩም ተወሺብኩም ከምዘለኩምን ናይ ሕማም ምልክታት ከምዘለዉኹምን ሓብሩ። ንሕማም ኣዝዮም ኣብ ቀረባ (ወይ ኣብ ድንገት) ዝርከቡ ሰባት እንተኺንኩም ውን ኣብቲ ትድውልሉ እዋን ነቲ/ነታ ሓኪም ሓብሩ።

**ማሕበራዊ ርክባት ኣብ እዋን ምውሻብ**

- ዋላኳ ኣብዚ ሕጂ እዋን ክትውሸቡ ተገዲድኩም እንተለኹም: ኩሉ ማሕበራዊ ርክባትኩም ክተቋርጹ ማለት ኣይኮነን። ብተሌፎን: ብስካይፕ: ወዘተ እንዳገበርኩም ርክባትኩም ምስ ስድራኹምን መሓዙትኩምን ቀጽሉ። ብዛዕባ ተሕልፍዎ ዘለኹም ኩነታት: ሓሳባትኩምን ስምዒታትኩምን ተዛረቡ።
- እዚ ንዓኹም እኹል እንተዘይኮይኑ ወይ ከምዚ ዓይነት ተኽእሎ እንተዘየሎ: ኣብ እዋን ሻቕሎት: ፍርሒ ወይ ጸገማት ኣብ ቁጽሪ ተሌፎን 143 («Dargebotene Hand» ዝብል ኣገልግሎት ሓገዝ) ደውሉ። በዚ ቁጽሪ ተሌፎን ኣብ ዝኾነ ሰዓት ክተዛርብዎም ትኽእሉ ሰባት ክትረኽቡ ትኽእሉ።
- ኣብ ኢንተርነት ቀጻሊ ሓበሬታ ኣብዚ ትረኽቡ፥ [http://www.dureschnufe.ch](http://www.dureschnufe.ch)

Dureschnufe

**ኣእዳው ብዝተደጋገሚ ምሕጻብ**[8]

- እስኹምን ኣብ ከባቢኹም ዝርከቡ ሰባትን ኣእዳውኩም እንተወሓደ ን20 ከልኢታት ቀጻሊ ብማይን ብሳምናን ክትሓጽቡ ኣለኩም። ማይን ሳምናን ኣብዘይብሉ እዋን ብናይ ኢድ ብጸረ ረኽስታት (Hand-Desinfektionsmittel) ጌርኩም ኣእዳውኩም ኣጽርዩ። ኣእዳውኩም ክሳብ ዝነቅጽ ምሉእ ብምሉእ በቲ ፈሳሲ ፋሕፍሕዎ። ብፍላይ ርኡይ ርስሓት ኣብ ኣእዳውኩም ምስ ዝህልወኩም ሳምናን ማይን ክጥቀሙ ግድን እዩ።
- ብፍላይ መግቢ ቅድሚ ምድላውን ድሕሪ ምድላውን: ቅድሚ ምብላዕን ድሕሪ ምብላዕን: ሽንትቤት ድሕሪ ምጥቃምን ከምኡውን ኩልግዜ ኣእዳውኩም ርኡይ ርስሓት ምስዝህልዎን።

**ምውሻብ ናይ ትሕቲ 12 ዝዕድመኦም ቆልዑትን ወለድን**

- ብመሰረት ሕጋጋት ናይ ምውሻብ ዋላ ንቆልዑትን ወለድን ብቑዓት እዮም።
- እቲ ቆልዓ ኣብ ግዜ ምውሻብ ርክብ ምስ ካልኦት ሰባት ኣብ ወጻኢ ስድራ ክህልዎ የብሉን።

---

[8] ቪድዮ «ቅኑዕ ምሕጻብ ኣእዳው»፥ [https://youtu.be/gw2Ztu0H0YY](https://youtu.be/gw2Ztu0H0YY)

- እቲ ቆልዓ ጥራይ ኣብ ምውሻብ እንድሕር ኣሎ፣ ርክብ ምስ ካልኦት ኣባላት ገዛ ብዝተኻእለ መጠን ክንከ ኣለዎ። እዚ ስጉምቲ'ዚ ኣብ ተግባር ክውዕል ይከኣል ከምኡ'ውን ንኣብነት ካብ ዕድመ ይምርኮስ እዩ። ኣድላይነት ሕጻን ከተኸብር ኣገዳሲ እዩ፣ ብሕልፊ ኣብ ንኣሽቱ ሕጻናት።
- ንኣብ ምውሻብ ዘለው ርክብ ምስ ሰባት ወጻኢ ስድራ ዘይብሎም ቆልዑት ሓደሓደ ግዜ ኣብ ደገ ምኻድ ይፍቐደሎም።
- እቲ ቆልዓ ዘይኮነ ሓደ ኣካል ወለዲ ጥራይ እንተዝውሸብ፣ እቲ ካልእ ኣካል ወላዲ ነቲ ቆልዓ ኣብ ግዜ ምውሻብ ክኣልዮ ኣለዎ ከምኡ'ውን ወኪል ክኾነሉ ኣለዎ።
- እቲ ቆልዓ ዘይኮነ ግን ክልተኦም ኣካላት ወለዲ እንተዝውሸቡ፣ እቲ ኣከያይዳ ካብቲ ቆልዓን ተኻኣሊነቱን እዩ ዝምርኮስ። ናይ ጓና ምእላይ ክውደብ ዘይክእል እንተኾይኑ ከምኡ'ውን እቲ ቆልዓ ንመዓልታዊ ናብራኡ ብምኽታል ሕጋጋት ጽሬትን ኣደብን ኣብ ቅድሚ ወለዱ ባዕሉ ክውድብ ዘይክእል ተኾይኑ፣ እቲ ቆልዓ ውን ኣብቲ ምውሻብ ክውሰድ ከምዝኽእል ክሕሰበሉ ኣለዎ።
- ሓደ ካብ ወለዱ ኣብ ግለላ ስለዝኾነ ሓደ ቆልዓ ኣብ ውሸባ እንተኾይኑ፣ እቲ ኣባል ወለዱ ካብ ግለላ ምስዝወጽእ እቲ ቆልዓ ውን ኣብ ማዕረ ግዜ ካብቲ ውሸባ ክወጽእ ይኽእል፣ እቲ ቆልዓ ዝኾነ ምልክት ኮቪድ-19 ዘየርኢ እንተኾይኑ። ኣብ ትሕቲ ፍሉያት ኩነታት እቶም ክፍለ-ሃገራውያን ብዓል-መዚታት እቲ ቆልዓ ቅድሚ ምንጻግ ውሸባ ክምርመር ከምዝኾነ ክእዝዙ ይኽእሉ።

**ድሕሪ እዋን ምውሻብ**

- ናይ ጽሬትን ኣደብን ሕጋጋት ቀጺልኩም ተኸተሉ ኢኹም፥ www.bag-coronavirus.ch።
- ኩነታት ጥዕናኹም ምዕዛብን ምክትታልን ቀጽሉ። ቀዳሞት ምልክታት ድሕሪ እዋን ውሸባ ክቕልቀሉ ከምዝኾኑ ውን ተኽእሎ ኣሎ።
- ገና ዘይተኸተብኩም እንተኾይንኩም ብዛዕባ ክታበት ሕሰብሉ ኢኹም።

ወፍሪ

**ብሰንኪ ንኣንጻር ኮሮና ኢሎም ዝተወሰዱ ስጉምትታት ንዘጓነፈ ናይ ስራሕ ጉድለት ዝትክእ መተካእታ ደሞዝ**

- ነዚ ዝምልከት ሓበሬታ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ናይ ሃገራዊ ቤትጽሕፈት ማሕበራዊ መድሕን (BSV) ክትረኽቡ ትኽእሉ (www.bsv.admin.ch > Coronavirus፥ ስጉምትታት ንትካላት፣ ሰራሕተኛታት፣ ርእሶም ዝኽእሉ ሰራሕተኛታት ከምኡ'ውን ተመዝገብቲ ኢንሹራንስ > ካሕሳ ንጉድለት ስራሕ> ሕቶታትን መልስታትን > ብሰንኪ ናይ ውሸባ ስጉምቲ ዝኸውን ካሕሳ ንሰባት)።

BSV